# መርሆ

ነሓሰ 2011 2ይ ዓመት ቁ.06

**ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ዕላዊ ልሳን**

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኲነት ዝጣመሩ ተርእዮታት ብማዕረ ዘውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቅድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይቲ ኣደራዕ ብምኻኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ መስተርሆ-ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ዕላዊት ልሳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኮይና፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺታትና እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡእ ንከተበርክት ዝተሰለፈት፡ መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ

# ትሕዝቶ

✍ ርእሰ-ዓንቀጽ፡-
ቃል - ይከበር! ....................................................................................2

✍ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፣ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምንታይ? ................2

✍ ዝደሀ ዘሎ ድምጺ ህግደፋውያን "ሓድሽ ቃና" ዋላ "እቲ ዝበስነው"?.................................6

E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

## ርእሰ-ዓንቀጽ፡-

# ቃል - ይኸበር!

ቃልካ ምኽባርን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ልዕሊ ኩሉ፡ ናይ ሕልና ርውየትን ናይ መንፈስ ዕረፍትን ዝህብ ወረጃ ባህሊ እዩ። ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ቃል ምኽባር ከም ባህሊ ምምዕባል፡ ኣብ ሕድሕዱ ዝተኣማመንን ዝከባበርን ብኅደና ምዕባለ ዓቕምታቱ ጠሚሩ ክምርሽ ዓብይ ዓቕሚ ዝፈጥረሉ እዩ።

ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ቃልካ ምኽባርን መለለዪ ሕላገት ህዝብታት ኤርትራ እዩ እንተተባሃለ ምግናን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ወረጃ ባህልን ውርሻን ህዝብታትና ዝኾነ ቃልካ ምኽባርን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ዝብል፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብተደጋጋሚ ብጥልመትን ክሕደትን እናተተከአ ብምምጽኡ፡ ሃገራዊ ሓድነትና ኣብ ፈተና ክወድቕ እናኾነ ዝመጻሉ ኩነታት ይረአ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ገና ካብ ድሮ ሓርነት ጀሚሩ ንህዝብታትና ዝኣተዎ ቃል ብተደጋጋሚ እናኸሓደ ስለዝመጸ፡ ብህዝብታትና ቶባ ተባሂሉ ክፍንፈን ናብ ዝኾነሉ ደረጃ ወሪዱ ምህላው ሕርሕራይ ጌርና ንምልከቶ ዘሎና እዩ። መብጽዓ፣ ጥልመትን ክሕደትን መለለዪ ሕላገቱ ዝኾኑ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ መወዳድርቲ ኣልቦ በደል ብምፍጻም፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ክሳጥሑ ገይሩዎም ይርከብ።

ህዝብታት ኤርትራ ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኹሉን ኣብ ቃሉ ዝርከብ ሓይሊ ተቓውሞ ከምዝናፍቑ ብግቡእ ክንግንዘብ ይህልወና። ኣብ ቃሉ ዘይርከብ እንተኾይኑ ካብ ህግደፍ ፈልዮም ዝርእዩሉን እምነት ዘንብሩሉን ኩነታት ከምዘይህሉ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ቃልካ ምርካብን ኣብ ቃልካ ምጽናዕን ዝብል ኣበሃህላ እንታይ ኣምጸኦ ዝብል ሓታቲ ከምዘይህሉ ንግምት። እንተሃለወ ድማ ዝስዕብ መዘኻኸሪ ብምቕራብ ክነረጋግጸሉ።

ዓሚ ካብ 31 ሓምለ ክሳብ 09 ነሓሰ 2010 ዝተጋብአ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ወሲኑ እዩ። ነቲ ዝካየድ ሃገራዊ ጉባኤ ዘዳሉ ኣካል፡ ተዋጽኦ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብና ዘካተተ 53 ኣባላት ዝሓቑፈ ሃገራዊ ኮምሽን ኣቑሙ። ሓላፍነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ድማ፡ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ጾታውን ናይ ዕድመን ተዋጽኦ ዝሓለወ፡ ዝተፋላለዩ ኣካላት ህዝብታትና ዝሓቑፈ፡ ብቐንዱ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ዘረጋግጸ ብቑዕን ጽፉፍን ቅድመ ምድላው ዝተኻየደሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስንዳእ እዩ።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝበዝሑ ሓይልታት ተቓውሞ ዝተሳተፉ ምኻኖምን፡ ብሰፊሕን ወሳንን ተሳትፎ ህዝብታትና ዝሰላሰል ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ድማ ቃል ኣትዮም እዮም። እዚ ንፈለማ እዋን፡ ብሓይልታት ተቓውሞ ዝተኣተወ ቃል፡ ከይተሸራረፈን ከይተጠማዘዘን ተግባራዊ ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ከም ሓይልታት ተቓውሞ፡ ቅድመ-ግንባር ኮይና ክንዓዩ ተጽቢት ይግበረልና። ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት፡ ናይ ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎ ዝዳፋእ ምንቅስቓስ ምግባር፡ ኣብ ቃልካ ዘይምርካብ ስለዝኸውን፡ ናይ ህዝብታትና እምነት ምኽሳር ከስዕብ ይኽእል እዩ። ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎኦም ብድምጾም ዘረጋግጹሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝኣተናዮ ቃል ነኽብር።

## ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡<br>ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምንታይ?

እዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ሕቶ እዋናውን ቅኑዕን ምላሽ ዝጠልብ እዩ። ምኽንያቱ ብውሳኔ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መሰረት፡ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ክንኣቱ ተሪፎምና ዘለዉ ኣዋርሕ ውሑዳት እዮም። ንሃገራዊ ጉባኤ ክካየድ ዝጸንሐ ቅድመ-ምድላው ኣብ ከባቢ መወዳእታ ጫፍ ዝበጽሓሉን፡ በቲይን-በቲይን ኣብ'ቲ ወሳኒ ዝኾነ ናይ ውክልና ሕቶ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ዝለዓሉሉ እዋን እዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብጽፈትን ብብቕዓት ኣዳሊኻ ብዘተኣማምን ዓወት ናይ ምዝዛም ሕቶ ንደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ሓይልታት ተቓውሞን ኣዝዩ ወሳኒ ዕማም ምዃኑ ማንም ዝዝንግዖ ኣይመስለናን። ነዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና መሰረታዊ ሕቶ ናብ ምምላስ ቅድሚ ምእታውና፡ ናብ'ዚ ዘብጸሐ ድሕረ ባይታ ምድህሳስ ጠቓሚ እዩ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ን20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልሲ፡ ን30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ዘካየዱሉ ናይ ቃልሲ እዋናት ዓቕምታቶም ኣብ ምውህሃድ ብዙሕ ፈተነታት ሓሊፎም'ዮም። ፈለማ መሪሕነት ጀብሃ ዓባይ ካብ ድሑር መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ኣብ መጻኢት ኤርትራ ስልጣን ናይ ምብሓት ሕማሙ ዝፈጠሮ ሽግር፡ ንዓቕምታት ደላዪ ነጻነት፡ ብግቡእ ጠርኒፉን ኣወሃሂዱን ክመርሕ ብዘይምብቅዑ ምፍንጫል ክገሃድ ኮይኑ። ብሽም ደሞክራስያዊ ምእራም፡ ካብ ጀብሃ ዝተነጸለ ተበላጺ ንኡስ ብርኸቦዋ ጉጅለ ኢሳይያስ ድማ፡ ንሕማም ጀብሃ-ዓባይ ብካልእ መልክዕ ቀዲሑ፡ ንጀብሃ ብድሕረት እናኸሰሰ፡ ንባዕሉ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ስልጣን ብዘይተወዳዳሪ ንምግባት ዝዓለመ ውዲታት ምእላም ቀጸለ። ብሓደ ወገን ንድኹም ጎድንታት መሪሕነት ጀብሃ እናተበለጸ ንምፍራሳ ከይሰልከየ ክዓዩ እንከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ ውሽጡ ዝቕልቀሉ

ደሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ዝተፈላለዩ ኣስማት እናለጠፈ ብምቕንጻልን ብምጽጻይን፡ ካብ ሜዳ ጀሚሩ ናይ ሓደ ዕሉል ውልቀ-ሰብ ልዕልነትን ዝናን እናሰበኸ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝሓኹረሉ ኩነታት እዩ እናመድመደ ዝመጸ።

ኣብ ጽባሕ ውድቀት ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ፡ መሪሕነት ህ.ግ. ንመስርሕ ሪፈንደም፡ ካብኡ ዝተፈለየ ፖሎቲካዊ እምነታት ዘለዎም ሃገራውያን ውድባት ዘዳቕቐሉ፡ ንባዕሉ ድማ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብዘይ-ተወዳዳሪ ብሒቱ ጎልቢቱ ዝወጸሉ ሓደገኛ ስልቲ ተኸተለ። ናይ ህዝብታትና ዓሚቕ ፍቕሪ ሃገር መዝሚዙ፡ ነቲ ኣብ መስርሕ ሪፈንደም ዝተኸተሎ ጸረ ደሞክራስያውን ኣግላልን ኣከያይዳ፡ ሻሕጣይ ብዝኾኑ መብለጭለጭቲ ጭርሖታት ክኸውሎ ጻዕርታት ኣካየደ። ስለዝኾነ'ውን መስርሕ ሪፈረንደም ብመሪሕነት ህ.ግ. ተባሒቱ ተሰላሰለ። ኣብ ጽባሕ ሪፈረንደም፡ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ነጻ ምንቅስቓስ ክንፈቅድ ኢና ዝብል ሻሕጣይ መብጽዓ ጠሊሙ፡ ህ.ግ. መጻኢ ተስፋን ምዕባለን ኤርትራ ዝኾነ ብሕታዊ ሓይሊ ምዃኑ ክሰብኽ ጀመረ። ሃገራውያን ፖሎቲካዊ ሓይልታት፡ ብዝተፈላለዩ ምስምሳት፡ ነጻ ምንቅስቓስ ናይ ምክያድ ዕድሎም ከምዘይፍቀድ ብተግባር ጋህዲ እናኾነ ከደ። እቶም ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተጠቐመሎም ስልትታት፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ **"ናይ ግዳም ሓይልታት መሳርሒ ዝኾኑን ትሕቲ ሃገራውነት ዝኾኑ ውድባትን ብነጻ ክንቀሳቐሱ ኣይፍቀድን"** ብዝብል ኣዋጅ እዩ። ብርግጽ ብበሓቲ ፖሊሲታት ዝምራሕን ስልጣን ብሓደ ውልቀ-ሰብ ኣብ ዝተገበተሉ ውድብ፡ ዝተፈለየ ጽቡቕ መጻኢ ኤርትራ ምጽባይ ዝከኣል ኣይነበረን። ሃገራውያን ፖሎቲካዊ ሓይልታት እምነታቶም ብነጻ ናብ ህዝብታት ክዝርግሑ ፈጺሙ ኣብ ዘይፍቀደላ ሃገር ድማ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ክኽበር ማለት ዘይሕለም እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ከም ግኡዝ ኣቕሓ እናንከላበቶምን እናገዝኦምን ጸኒሑን ዘሎን። ሕሉፍ ሓሊፉ ህዝብታትና ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተቓሊያም ከምዝርከቡ ንኹሉ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኮለል ኢሉ ይረአ ኣሎ።

ኣብ እዋን ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ጀብሃ-ዓባይ ዝነበሩ፡ ካብ ፈለማ ሰማንያታት ዝተፈናጨሉ ውላዳት ጀብሃ ዓባይ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ውድባትን፡ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ናብ ደምበ ተቓውሞ ዝተቐልቀሉ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ኤርትራን ንዲክታቶርያዊ ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምቅዋም ቃልሲ ቀጺሎም እዮም።

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ሓደ ግቡእ ኣትኩሮት ዘድልዮ ጉዳይ ምህላዉ ምግንዛብ የድሊ። ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ኣገዛዝኣ ኢሳይያስ ዝካየድ ተጋድሎ ካብ'ቲ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘካየድናዮ ተጋድሎ ብመሰረቱ ዝተፈለየ ምዃኑ እዩ። ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝሓዝናዮም ናይ ቃልሲ ስትራተጂታትን መተግበሪ ዝኾኑ ስልትታት ይኹኑ ናይ ቃልሲ ጥበባት ከምዘለዉዎ ተቐዲሖም ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ ምውዓሎም ዘይከኣል ምዃኑ እዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ህ.ግ. ዝማዕበለ ክቱር ጽልኢ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ብቑዕ ዕጥቂ ክኸውን ፈጺሙ ኣይክእልን። ብድሑር ሃይማኖታውን ኣውራጃውን ስምዒታት ተኣሳሲብካ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድ ዘይሕሰብ ምዃኑ እዩ። ብሓጺሩ ኩሎም እቶም መሪሕነት ህ.ግ. ባዕዳዊ መግዛእትን ተወዳደርተይ ዝበሎም ሃገራውያን ሓይልታት ንምውጋድ ዝተኸተሎምን፡ ነጻነት ሃገር ብምዕታር ፖሎቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ክብሕት ዘብቅዑዎ ስትራተጂታትን ስልትታትን፡ ተመሊሶም ንዕኡ መእለዪ ኮይኖም ከገልግሉ ኣይበቕዑን እዮም። ዓሚቕ ፍቕሪ ሃገር ተጎልቢቡ፡ ህዝቢ ኣብ ጎድኑ ኣዕሲሉ ነጻነት ኣብ ምምጻእ ዝመርሐ ኤርትራዊ ሓይሊ ንምእላይ፡ ብኹሉ ናይ ቃልሲ መለክዒታት ካብኡ ንላዕሊ በቒዕካ ምርካብ ግድንን ኣማራጺ ዘይብሉን ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። በዚ መንጽር ጉዕዞ ሓይልታት ተቓውሞና ምስ እንምልከት፡ ርኡያት ሕመቓትና ኮለል ኢሎም ክረኣዩና ዘጸግም ኣይመስለናን።

ኣብ ላዕሊ ብሓጺሩ ክቕመጥ ከምዝተፈተነ፡ ካብ ሓይልታት ተቓውሞ እቶም ዝበዝሑ ብሕብረ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓይልታት፡ ኣብ እዋን ነጻነታዊ ተጋድሎና ሃገራዊ ጉቡኦም ኣብ ምፍጻም ዝተዋስኡ ምዃኖም እንትርፊ ኢሳይያስን ህግደፍን ካልእ ማንም ዝኽሕዶም ኣይኮኑን። ዝተረፉ ብብሄራዊ ይኹን ብሃይማኖታዊ መልክዕ ዝተወደቡ ሓይልታት ድማ ብሰንኪ ፋሽስታውን ጨቋንን ስርዓተ ኣገዛዝኣ ኢሳይያስ ዝተፈጠሩ ምዃኖም ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። እዞም ብዝተፈላለዩ መልክዕ ተወዲቦም ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክቃለሱ ዝጸንሑን ዘለዉን ውድባት፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ተጋድሎኦም፡ ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ከየጥረዩ ዝጸንሑ ምዃኖም ድማ ዘካትዕ ኣይኮነን። ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ተራ መርገም ሓሊፎም፡ ከም መግለጺ ተቓውሞኦም፡ ካብ ዝፈትዉዋን ከቢድ ዋጋ ከፊሎም ነጻነት ዘጎናጸፉዋ ሃገሮም እናገደፉ ንስደት ክነፍጹ ይረኣዩ ኣለዉ። ናይ ህዝብታትና ሰፊሕ ዋሕዚ ስደት ከም ናይ'ዚ እዋን'ዚ ቀንዲ መግለጺ ተቓውሞ ምዃኑ እንክንርኢ፡ ክነልዕሎም ዝግባኣና ኣገደስቲ ሕቶታት ኣለዉ።

ብሰንኪ ጨቋንን ግዕዙይ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ ህግደፍ ዝተሳቐዩ ህዝብታትና፡ ስደት ቀንዲ መፍትሒ ጸገማቶም ፈጺሙ ከምዘይከውን ሕርሕራይ ገይሮም ከምዝግንዘቡ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ሃገሮም መሰረታዊ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክንናጸፉ ዝትምነዩ ህዝብታት ኤርትራ፡ ስደት ከም ህጹጽ መፍትሒ ህሉው ጸገሞም ገይሮም ይወስዱዎ ምህላዎም ግን፡ ሱቕ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ወደቓ ኣይኮነን። ወይ ድማ እቲ ንሃገሮም ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ክገብሩ ዝነበሮም ጅግንነት፣ ተወፋይነትን ናይ ቃልሲ ጽንዓትን ስለዝተጸንቀቖም'ውን ኣይኮነን። ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ወሳኒ ብጽሒቶም ዕሸሽ ኢሎም፡ ለውጢ ብጻዕሪ ካልኦት ክመጸሎም ስለዝተተምነዩ'ውን ፈጺሙ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ካልእ እዩ።

ውጹዓት ህዝብታት ብጨቆንቲ መንግስታቶም ዝወርዶም ዘይተኣደነ ግፍዕታት ንዝተወሰኑ እዋናት ናይ ምጽዋር ተኽእሎ ከምዘለዎም ዘካትዕ ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ግዕዙይ ስርዓተ ምምሕዳርን ገደብ ኣልቦ ምዝመዛን ጭቆናን መንግስታት ኣብ ዓንቀሮም ምስ በጽሐም ኣንጻሩ ምልዓሎም ከም ዘይተርፍ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ። ህዝብታት ኣንጻር ወጻዕቶም ዘከይዱዎ ቃልሲ ብዘይተወደበን ብፍኑውን ኣገባብ እንተኾይኑ፡ ዝኸፍኣ ከቢድ ዋጋ ከም ዘኽፍሎምን፡ ናብ ዝኸፍአ ተስፋ ምቑራጽን ርእሲ ምድናንን ከምዘውድቖም ታሪኽ ቃልስታት የምህረና። ስለዚ ህዝብታት ኣንጻር ጨቆንቶም ዘልዕሉዎ ዓመጽ ይኹን ዝተናውሐ ተጋድሎ፡

ብዘተኣማምን ዓወት ክዛዘም እንተኾይኑ፡ ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ሕቶ ዘይትካእ ተራ ይህልዎ። ሰፊሕን ወሳንን ተሳትፎ ናይ ህዝብታትን፡ ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ተራን ዘይተኻኸኡ፡ ውህደቶም ድማ ውድቀት ጨቆንቲ ናይ ግድን፡ ዓወት ውጹዓት ድማ ዘተኣማምን ከምዝኸውን ኣየጣራጥርን። እዞም ክልተ ኣገደስቲ ናይ ዓወት ረቛሒታት ክምለሱ እንተዘይክኢሎም ድማ፡ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ዘውርዱዎ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓን ጭቆናን ክመርርን ዕድመ ገዝእቲ ድማ ክነውሕ ናይ ግድን እዩ። ብመንጽር'ዞም ኣብ ላዕሊ ዘቐመጥናዮም መሰረታዊ መዐቀኒታት፡ ንዝሓለፉ 20 ዓመታት ጸረ-ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ተጋድሎና ምልስ ኢልና ምስ እንፍትሾ፡ ዝነበሩናን ዘለዉናን መሰረታዊ ሕጽረታት ንምግንዛብ ኣይክንጽገምን ኢና።

ህዝብታት ኤርትራ ኩሉ መዳያዊ ጭቆና ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ መሪሩዎም ደሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝናፍቑ ልዕሊ 10 ዓመታት ኮይኑ ኣሎ እንተበልና ቃለ-ኣጋኖ ኣይኮነን። ዕድመ ሕጽኖት መሪሕነት ህ.ግ. ኣብቂዑ "**ኤህ፡ በታ ዝመጻኹማ የጥፍእኩም**" ዝብል ናይ ህዝብታትና መርገም ክዘንቦም ካብ ዝጅምር ማለት እዩ። "**ሓደሽቲ ስለዝኾኑ ተሞኩሮ ስለዘይብሎም እዮም፤ ጊዜ ሃቡዎም**" ዝብል ናይ ህዝብታትና ናይ ምድንጋጽ ምኽሪ ኣብቂዑ፡ "**ኤህ እዞም ርጉማት**" ክብሎም ካብ ዝጅምርን፡ ካድራትን መራሕትን ህ.ግ. ንዝወርዶም መርገም እናሰምዑ፡ "**ኣይ ንህ.ግ. መርገም ደኣ መፍቶታ እንድዩ**" እናበሉ፡ ነቲ ዝዓበዩሉን ዝተኾስኮሱሉን፡ ናይ ሜዳ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስያውን ባህርያቶም ብዘይምሕረት ከምዝቕጽሉሉ ናይ ይበተኹ መልሲ ምሃብ ልምዶም እናኾነ ካብ ዝመጽእ ማለት እዩ። ህግደፋውያን ፖለቲካዊ ስልጣን ዓቲሮም ኣብ እንግድዓ ህዝብታት ኤርትራ ካብ ዝስቀሉ፡ እቲ ብብደዐን ብጭካነን ዝብሉዎ ካብ ምትግባር ንሓንቲ መዓልቲ'ኳ ኣብዠሮም ኣይፈልጡን። ፖለቲካዊ ስልጣኖም ንምሕላው ዝመረጹዎ ኣንፈት ስለዝኾነ፡ ባህርያቶም ዝዓደሎም እዩ'ሞ ዘገርም ነገር ጌርካ ዝውሰድ ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ሕቶ ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና ናይ መሪሕ ውድብ ብቕዓት ኣማዕቢሎም፡ ህዝብታት ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ወሳኒ ተርኦም ክጻወቱ ዝበቕዑሉ ኣመራርሓ ክህቡዶ ጸኒሖም ዝብል እዩ። እቲ መፍትሒ ዘይረኸበን ኣዝዩ ዘቖንዙ ፍሽለትና ድማ ኣብ'ዚ እዩ ዘሎ።

ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ብናይ ማዕዶ ተዓዘብቲ'ውን "**ኣንታ እዚኦም'ሲ ቀዳማይ ጸላኢ'ምበርዶ ኣሎዎም እዩ**" ዝብል ሕቶ ከልዕሉ ክሳብ ዝገብሮም ኣዝዩ ዘሕንኽ ኣካውና ወዲቕና ምህላውና ኣይከሓድን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሞንጎ ሓይልታት ተቓውሞና ዘለዉ ካልኣዊ ፍልልያት ቀዳማይ ቦታ ሒዞም ከናቑሩናን ክፈናጭሉና ዕድመና ነብሊ ብምህላውና እዩ። ናይ ህዝብታትና እምነት ከሲርና፡ ሞራሎም ክወድቁን ብዕድሎም ከማርሩን ንገብሮም ምህላውና እዩ። ካብ ዝሓለፉ ተሞኩሮታትና ተማሂርና፡ ንህሉውን መጻእን ኩነታት ዝበቕዕ ስትራተጅን ስልትን ኣብ ምሕንጻጽ ስለዘይበቃዕና ኢና። ገና ኣብ ዝሓለፉ ድሑራት ተሞኩሮታትና ንነብር ብምህላውና እዩ። ብዛዕባ ህልውን መጻእን ብግቡእ ምልላይ ስኢንካ ኣብ ሕሉፍ ደንበርበር እናበልካ ምንባር እንተኾይኑ፡ ብናይ ህዝብታት ወሳኒ ተሳትፎ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምምዝጋብ ዝበሃል ዘይሕሰብ እዩ። ኣብ ቃልሲ ዝጸናሕካሉ ዕድመ እናቖጸርካ ምንባር ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ምስ ሓድሽ ወለዶ ድማ ብፍላይ፡ ማይን ጸባን ኮይንካ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምቅላስ ዕንቅፋት ከምዝኸውን ምግንዛብ የድሊ። ስለዚ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ብሩህ ሓቂ፡ ህዝብታት ኤርትራ ንጨቋኒ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምውጋድ ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ዘኽእሎም ብቑዕ ኣመራርሓ ኣይረኸቡን። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብታት ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ኢሳይያስ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተሳጥሑሉ ኩነታት ፈጢጡ ይረአ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ዕድመ-ስልጣኑ ካብ ናይ ባዕሉ ጸረ ደሞክራስያውን ጸረ ሰላምን ባህርያቱ፡ ንፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ተርእዮታት ብሓደ ሸነኽ፡ ጽቡቕ ናይ ቃልሲ ኩነታት ንሓይልታት ተቓውሞ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ እናተኸሰቱ መጺኦም እዮም። ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝፈጸሞ መጠነ ሰፊሕ ወራር፡ ከቢድ ስዕረት ተጎምጊሙ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ከድሕን ኣቐዲሙ ዝተሓሰሞ ስምምዕ ሰላም ክቕበል ናብ ኣልጀርያ ዘበዘብ ክብልን 25 ትርብዒት ኪ.ሜ ልኣላዊ ግዝኣት ሃገርና ንሰላም ኣኸባሪ ባዕዳዊ ሓይሊ ብምርካቡ ዝተጎልበቦ ሰፍ ዘይብል ውርደት ከም ኣብነት ዝጥቀስ እዩ። ብተወሳኺ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ትምክሕተኛን ብዱዕን ባህርያቱ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ምዝራግ ውራየይ ኢሉ ስለዝተታሓሓዞ፡ ብባይቶ ጸጥታ፡ ብታሕሳስ 2009 ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ካልእ ጽቡቕ ናይ ቃልሲ ኣጋጣሚ ጌርካ ዝውሰድ እዩ። እንተኾነ ግን ሓይሊ ተቓውሞና ነዞም ወርቃዊ ናይ ቃልስን ለውጥን ዕድላት ብግቡእ ጸንፊፉ ኣብ ረብሓ ህዝብታትና ከውዕሎም ኣይበቕዐን። እነሆ ሎሚ'ውን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘራጊ ሰላም ባህርያቱ ደው ከብል ብዘይምኽኣሉ ንተወሳኺ ማዕቀብ ክሳጣሕ ይኸውን ኣሎ። ኮታስ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ናይ 20 ዓመታት ናይ ስልጣን ዕድሚኡ፡ ላዕሊ-ላዕሊ እናረኣየን እናዘለለን፡ ግን ድማ ብውሽጡ እናሞሽሞሸ፡ ንውድቀት እናተሳጥሐ ይኸይድ ምህላዉ ኮለል ኢሉ ይረአ ኣሎ። ሓይልታት ተቓውሞና ኸ? እምነት ህዝብታትና ስሒቦም፡ ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ናይ ቃልሲ ዕድላት፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምምዝጋብ ብቕዓቶምን ቅሩብነትምን ክሳብ ክንደይ እዩ ምስ እንብል፡ እንረኽቦ መልሲ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ። እቲ ምኽንያት እንታይ እዩ እንተኢልና፡ ሓይልታት ተቓውሞና ኣብ ዘራኽቡዎም መሰረታዊ ዕላማታት ዓቕምታቶም በብደረጅኡ ኣዋሃሂዶም፡ ንህዝብታትና ኣብ ጎድኖም ከቃልሱ ዘይበቕዑ ምህላዎም እዮም። እዚ፡ ክውንነት'ዚ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 20 ዓመታት ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና ዝጸንሐን ዘሎን መሰረታዊ ሕጽረት ኣጉሊሁ ዘርኢ እዩ። ይፈቶ ይጸላእ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና፡ ይትረፍዶ ብውልቀ ውድብ፡ ብደረጃ ጽላል ተጠርኒፎም'ውን ዓቕሚ ህዝብታትና ዘወሃህድ እምነት ዝንበረሉ ናይ ቃልሲ ዕዮ ኣብ ምብርካት መንፍዓት ኣይወነኑን። ናብ ብዙሕ ኮለል ከይኣተና፡ ተሞኩሮ'ቲ ልዕሊ 10 ዓመታት ዘሕለፈ ጽላል ተቓውሞ ሃምኤ/ኤዲኪ ባዕሉ እኹል ምስክር እዩ። ስለዚ እቲ ክሳብ ሎሚ ዘሎ ክንክሕዶ ዘይብልና ሓቂ፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልስና ወሳኒ ተሳትፎኦም ከረጋግጹ ዘብቅዖም ብቑዕ ኣመራርሓ ስለዘይረኸቡ፡ ኣብ ልዕሊ ሓይልታት ተቓውሞና እምነት ከንብሩ ዘይከኣሉ ምህላዎም እዩ። እዚ ኩነታት'ዚ ምስ'ቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ባህርያቱ ነቒሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን እናውረዶ ዝኸይድ ዘሎ ዕንወት ኣዛሚድካ እንክረአ ህሉው ኩነታትና ኣዝዩ ዘስግእ ክኸውን ይገብሮ ኣሎ።

ካብ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ኣንጸላልዩ ዘሎ ከቢድ ናይ ብርሰትን ምብትታን ሓደጋ ብዘላቕነት ንምድሓን፡ ብቐዳምነት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድ ከምዘድሊ ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ኣይኮነን። ናብ'ዚ ደረጃ'ዚ ንምብቃዕ ድማ፡ ህዝብታትና ወሳኒ ተርኦም ዝጻወትሉ፡ ሓይሊ ተቓውሞ ድማ ናይ ምምራሕ ተርኡ ብብቕዓት ዘረጋግጸሉ ኩነታት ክፍጠር ክኽእል ኣሎዎ። እዚ ሓቂ'ዚ ድማ በቲ ዝለመድናዮ ባህልን ዝመጻናዮ ኣንፈትን ብህጹጽ ክንምልሶ ከምዘይንኽእል ባዕሉ ጉዕዞ ቃልስና ሕርሕራይ ገይሩ ትምህርቲ ሂቡና ኣሎ።

ብኩራት ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትናን ናይ ብቑዕ መሪሕ ውድብ ሕቶን መሰረታዊ ሕጽረታትና ኮይኖም የሳቕዩና ምህላዎም ብእኩብ ከም ሓይልታት ተቓውሞ ዘለለና ካብ ከባቢ ቅድሚ 10 ዓመታት ጀሚሩ'ዩ እንተተባሃለ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ እዩ ድማ፡ ጭርሖ ሃገራዊ ዋዕላ፡ ነዚ መሰረታዊ ሕጽረት'ዚ ናይ ምፍታሕ ዕላማ ሒዙ ዝተላዓለ። ብርግጽ እዚ ጭርሖ'ዚ ሓቀኛ መልእኽቱ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ መሰረታዊ ሕጽረታት ደሞክራስያዊ ቃልስና ንምፍታሕ ዝዓለመ'ኳ እንተነበረ፡ ብትምክሕታውን ጸቢብን ሒሳባት መራሕቲ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ኣብ ትሕቲ'ዚ ህዝባዊ ጭርሖ'ዚ ተሓቢኦም፡ ውልቃውን ውድባውን ሒሳባቶም ከማልኡ ክብሉ ዕንክሊል እናበለ ክጸንሕ ገይሮሞ እዮም። ድሕሪ ክንደይ ኮለልን ሓሸውየን፡ ንፈለማ እዋን ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክካየድ ዝተወሰነ ኣብ'ቲ ሲቪክ ማሕበራትን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተሳተፉዎ ብግንቦት 2008 ዝተሰላሰለ ሓድነታዊ ጉባኤ ኤዲኪ እዩ ዝነበረ።

ኣብ "ሓድነታዊ" ጉባኤ ኤዲኪ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ምድላው ሓላፍነት ዝተሸከመ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን እዩ። ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም ሰፊሕ ጽላል ተቓውሞ፡ ነዚ ከቢድ ሃገራዊ ዕማም'ዚ ክሽከም ሓላፍነት'ኳ እንተተዋሃቦ፡ ነናይ ባዕላቶም ፖለቲካዊ ዕላማታትን ዝተፈላለዩ ሒሳባትን ዘለዎም ውድባት ዝሓቖፈ ጽላል ብምዃኑ፡ ነዚ ታሪኻዊ ዕማም'ዚ ብብቕዓትን ብጽፈትን ኣዳልዩ፡ ህዝባዊ መሰረቱ ዝጸንዐ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ምድላው ብቕዓቱ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዘይነበረ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብተግባር ድማ፡ **ኣብ ኣቃውማ ኣሰናዳዊት ሽማግለ፣ ኣብ ምድላው ምርክ ሾፕ፣ ምድላው ንድፍታትን ኣውኻኽላ ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን** ብዝተራእዩ ዓበይቲ ሕጽረታት፡ ብሃገራዊ ዋዕላ ክብጻሕ ዝነበሮ መደምደምታ ክሰጋገርን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከም ሰፊሕ ዓውዲ ዘተ ኮይኑ ከገልግል፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ድማ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክጋባእ ተወሰነ። ነዚ ዕማም'ዚ ብብቕዓት ዘዳሉ፡ ተዋጽኦ ኩሎም ተሳተፍቲ ሃገራዊ ዋዕላ ዝሓለወ፡ ሃገራዊ ኮምሽን ብምቛም ከምዝተዛዘመ ድማ ዝፍለጥ እዩ። ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተዋሃቦ፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብብቕዓት ናይ ምድላው ዕማም፡ ብግቡእ ክፍጽም ዘይምኽኣሉ፡ ናይ መሪሕነቱ ርኡይ ናይ ብቕዓት ድኽመት መግለጺ ምዃኑ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል'ኳ እንተኾነ፡ ካብ መላእ ዓለም ዝተወጻጽኡ 330 ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ኮፍ ኢሎም ክዛተዩን፡ ጉዳዮም ኣብ ዝለዓለ መድረኽ ሃገራዊ ጉባኤ መዕለቢ ክረክብ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ክበጽሑ ሰፊሕ ዓውዲ ዘተ ምፍጣሩ ክምስገነሉ ዝግባእ ኣወንታዊ ጎድኑ ምዃኑ ድማ ክከሓድ ኣይግባእን።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ከዳሉ ዝተዋሃቦ ከቢድ ሓላፍነት፡ ካብ ኣግላልን ጸቢብን ሒሳባት ተገላጊሉ፡ ብሰፊሕ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ተመሪሑ፡ ብጽፉፍ ቅድመ ምድላው፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሃገራዊ ዋዕላ እንተዘዳሉ፡ ዓሚ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ምድላው መደብ ምሕንጻጽ ኣድላይነት ኣይምነበሮን። ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዘጽደቖም ሰነዳትን ዝሓንጸጾም ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ንምትግባር፡ ኣብ ትሕቲ ዝቖመ መሪሕነት ተማእኪልና፡ ብዝተወሃሃደ ብናይ ህዝብታትና ወሳኒ ተሳትፎን ኣወንታዊ ተራ ሓይልታት ተቓውሞናን ደሞክራስያዊ ቃልስና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ነሰጋግረሉ ኩነታት ምተፈጠረ ነይሩ። እንተኾነ ግን ነዚ ዕድል'ዚ ኣይበቓዕናን። እቲ ምኽንያት ስዉር ኣይኮነን። ንሒፍና ክንሓልፎ ዘሎና'ውን ኣይኮነን። ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ ስለዝኾነ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ኣባላት ውድባት ኤዲኪ፡ ነዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት'ዚ ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ብብቕዓት ክመርሑዎ ብዘይምብቀዖም ዝተኸሰተ ጸገም እዩ። መሪሕነት ኤዲኪ ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ከዊሉ ክኽውሎ ዘይከኣለ ድኽመቱ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ምቛም ሃገራዊ ኮምሽን፡ ዓብላሊ ብጽሒት ክህልዎ ዘካየዶ ጻዕሪ ኣይተዓወተን። ሃገራዊ ኮምሽን መቐጸልታ ኤዲኪ ክኸውን ዝነበሮ ድልየት'ውን ኣይሰመረሉን። ኤዲኪ ከም ሰፊሕ ጽላል ተቓውሞ፡ በዝሒ ወከልቱ ኣብ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ካብ በዝሒ ወከልቲ ህዝብን ሲቪክን ንታሕቲ ክኸውን ተቐቢሉ ክወጽእ ኮይኑ እዩ። እዚ ሓቂ'ዚ ዘረጋግጾ ነገር እንተሃልዩ፡ ኤዲኪ ከም መሪሕ ሰፊሕ ጽላል፡ ተቐባልነት ዘይምርካቡን እምነት ዘይተነበረሉ ምዃኑ እዩ። ብርግጽ እዚ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዋጋ ድኽመቱ ክቕበሎ ዝግባእ ኪሳራ ኮይኑ፡ ኤዲኪ ካብ ድኽመታቱ ተማሂሩ ብብቕዓት እንተተቓሊሱ፡ ንዝቦኸረ እምነት ህዝብታትና ከሐድሶ ኣይክእልን ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተመረጸ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ተዋጽኦ ዝሓለወ ብምዃኑ፡ ካብ ኣሰናዳዊት ሽማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ፍሉይ ከም ዝገብሮ ዘካትዕ ኣይኮነን። ተሓታትነቱ ንሃገራዊ ዋዕላ፡ ጸብጻቡ ድማ ንሃገራዊ ጉባኤ ዘቕርብ ነጻ ኣካል ኮይኑ ብምቛሙ፡ ንዝተዋሃቡዎ ዕማማት ብዘይ ግልጽ-ምልጽ ንምፍጻም ኣሃዱ ኢሉ ክጅምር ዓብይ ዕድል ረኺቡ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን፡ ካብ ድኽመታት ቅድመ ምድላው ሃገራዊ ዋዕላ ግቡእ ትምህርቲ ረኺቡ፡ ነብሱ ወዳዲቡ፡ ዕማማቱ ኣነጺሩ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብጽፈትን ብብቕዓትን ከዳሉ ወፊሩ'ዩ። ክሳብ ሎሚ'ውን ዓበይቲ ዕማማት ኣሰላሲሉ ኣሎ። ኣብ ህዝብታትና ብዛዕባ ቅድመ ምድላው ሃገራዊ ጉባኤ ሓበሬታታት ከስንቕ ሰፊሕ ጎስጓሳት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ህዝብታትና ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተርኦም ብስፍሓትን ብንቕሓትን ከበርክቱ ዘተሓባብሩዎም ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ናይ ህዝቢ ሽማግለታት ኣማሪጹ። ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ቀሪቦም ዝጸድቁ ንድፍታት ኣቐዲሙ ኣዳልዩ፡ ናብ ህዝብታትና ንነጻ ክትዕን ምይይጥን ብዝተፈላለዩ መሳለጥያታት ዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ኣንፈት'ዚ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ነጻ ኮይኖም ክዝትዩን ናይ በዓል-ቤት ስምዒት ከማዕብሉ ዝገብር፡ ኣብ ምዕሟቕን ምምዕባልን ደሞክራስያዊ ባህሊ ህዝብታትና ኣገዳሲ ትርጉም ዘለዎ ወፍሪ እዩ።

ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ኮይኖም፡ ‘’ዝተባሃለካ ጥራሕ ትፍጽም” ብዝብል ቀጢን ህግደፋዊ መምርሒ ኣእምሮኦም ን20 ዓመታት ዝተቐየዱ ህዝብታትና፡ ብዛዕባ መጻኢኦም ክውስኑ ዘብቅዑዎም ኣገደስቲ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ዝሓዙ ሰነዳት ብነጻነት ክመያየጠሎም መድረኽ ምርካቦም፡ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ክሰጋገሩ ምጅማሮም ዘማላኽቱ እዮም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ መጻኢኦም ትስፉው ምዃኑ ክግንዘቡ ከምዘኽእሎም ምርዳእ የድሊ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ደሞክራስያዊ መስርሕ ብግቡእ ተኸናኺንካ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝበጽሓሉ ኩነታት ምፍጣር ድማ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጸድቁ ንድፍታት ኣቐዲሞም ክመያየጡን ርእይቶታቶም ከፍስሱሎምን ዝተዋሃቦም ዕድል፡ ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ተረኺቦም ብድምጾም’ውን ከረጋግጹዎ ምግባር የድሊ እዩ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ፡ ነቶም ኣብ ፖሎቲካዊ ውድባት እምነት ስኢኖም፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ጓና ኮይኖም ዝጸንሑ ህዝብታትና፡ ምስ ሓይልታት ተቓውሞ ተቐራሪቦም ዝቃለሱሉ ጥጡሕ ኩነታት ክፈጥር እዩ። ህዝብታትና ምስ ሓይልታት ተቓውሞ ተወሃሂዶም ዝቃለሱሉ መንፈስ ምትእምማን ምፍጣር ማለት ድማ፡ ንሰፊሕ ጽላል ይኹን ንነብሲ ወከፍ ውድብ ከምዝጠቅምን፡ ብቐንዱ ድማ ደሞክራስያዊ ቃልስና ናብ ዝበረኸ ደረጃ ዝሰጋገረሉ ወሳኒ ዕድል ምስፋሕ ማለት እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዛዕባ ውክልና ህዝብታትና ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ 60%(300) ድምጺ ክኸውን ክውስን እንከሎ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሰ መሰረታዊ ሓቂ ብምልላይ እዩ ንብል።

ብወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ዝተጸምበለን ብቑዕ ኣመራሓ ሓይልታት ተቓውሞ ዝረኸበ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ዝተበገሰሉ ዕላማታት ካብ ምዕዋት ዝገትኦ ሓይሊ ከምዘይብሉ ዘጣራጥር ኣይኮነን። ስለዝኾነ’ውን ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ወሳኒ ተሳትፎ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባእ። ውድብና ሰደግኤ፡ ከም ወትሩ፡ ብሰፊሕን ንቑሕን ተሳትፎ ህዝብታትና ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ዝተኻየደሉ፡ ናይ ህዝብታትና ግቡእ ውክልና ዘረጋገጸ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ብዓቕሙ ኣበርቲዑ ክጽዕት እዩ።

## ዝደሀ ዘሎ ድምጺ ህግደፋውያን “ሓድሽ ቃና” ዋላ “እቲ ዝበስነው”?

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዘየቋርጽ መስርሕ ምንቁልቋል ኣትዩ፡ ካብ ሓደ ታኼላ ናይ ፍሽለት፡ ናብ ዝባኣሰ ሰልሚ-ጆቕጆቕ ታኼላ ውድቀት እናተሸኽለ፡ ናብ ማዓሙቕ እናሃጠመ ይኸይድ ምህላዉ፡ ኩነታቱ ኣፍ-ኣውጺኡ ዝዛረቦ ዘሎ ርኡይ ሓቂ’ዩ። እዚ ስርዓት’ዚ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ዝተኸተሎም ፖሊሲታት፡ ወርቃዊ ዕድላት ኤርትራን ኤርትራውያንን ሓሺሹ፡ ንትስፉው መጻኢና ኣጸልሚትዎ’ዩ። ሎሚ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ገምገም ሓደጋ ብርሰትን ዕንወትን ወዲቆሙሉ ዘለዉ ኩነት’ምበኣር፡ ውጽኢት ናይ’ዚ ን20 ዓመታት ብዘይምቁራጽ ኣብ ጎደና ፍሽለት እናተጓዕዘ ዘዋህለሎ ክርዳድ ምህርቲ ፋሽስትነት’ዩ። ንምዃኑ እዚ ስርዓት’ዚ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝፈጸሞም ታሪኻዊ ገበናት ደረጆኦም ክሳብ ክንደይ’ዩ? ኣብ ህልውና’ዚ ስርዓት’ዚ ክርከብ ዝኽእል ለውጢ እንታይ ዓይነት’ዩ? ብመሰረቱኸ እዚ ስርዓት’ዚ ንለውጢ ዝቕበል ባህሪ ኣለዎዶ? ምርጫ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ከ እንታይ ክኸውን ትጽቢት ይግበር? ማእከላይ ኣጀንዳ ናይ’ዚ ምድላው’ዩ። ስለዚ ድማ ከም መበገሲ ክኾነና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝሓለፉ 20 ዓመታት ካብ መንጎ’ቶም ዝፈጸሞም ታሪኻዊ ገበናት እቶም ፍሩያት ንምርኣይ ክንፍትን ኢና።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ’ቲ ብሙዑት ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ዝተዓወተ ሓርነታዊ ቃልስና ብጉልባብ ነጻነታዊ ሕቶ ህዝብታትና ተኸዊሉ ብቦኽሪ ዓወቱ እናተሰራሰረ፡ ኣብ ዱርኩኺት ቤተ-መንግስቲ ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ እዋን ሕጹኖቱ ገና ከይወደአ እንከሎ፡ ነቶም መሰረታዊ ሃገራዊ መቐሚያታትና ዝኾኑ ፖለቲካውን ሕብረ-ብሄራውን ብዝሑነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ብምህራም፡ ወራሲ ዓራት ዝቐደሙ ባዕዳውያን ሓይልታት ኮይኑ ኣብ ስልጣን ዝተወጠሐ’ዩ። ነዚ ናይ ህይወት መስዋእቲ፣ ኣካላዊ ስንክልና፣ ከቢድ ሰብኣውን ነገራውን ሞባእ ዝተኸፍሎ ዓወት፡ ካብ ዋናታቱ ህዝብታት ኤርትራ መንጢሉ፡ ሕዛእቱ ብምግባር’ዩ ኣበርዒንዎ። ነቶም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ዋጋ ዝኸፈሉን ኣብ ምህናጽ ሃገር ኣበርክቶኦም ክገብሩ ቁሩባት ዝነበሩን ተቓለስቲ ህዝብታትናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ብምግላል፡ ጅግንነታዊ ቃልስናን ታሪኻዊ መኸሰባቱን ዘሚቱ፡ ንሱ ኤርትራ፣ ንሱ ህዝብን ሃገርን ገይሩ ዝርኢ ገባርን ሓዳግን ንዝኾነ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣግዚሞ።

እዚ ፖለቲካዊ ኣግላልነት’ዚ፡ ኣሰኪፉዎም ሕቶ ንዘልዓሉ ገለ ክፍልታት፡ “**መጀመርያ ነጻነትና ብሪፈረንደም ከነረጋግጽ ኣሎና። ደሓር ከም ሃገር ምስ ቆምና ቅዋማዊ ስርዓት ብምትካል ሰልፍታት ዝሳተፍዎ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ክንተክል ኢና፤ እዚ ህግ ገና ኣብ በረኻ እናሃለወ ዝምርሓሉ መትከሉ ስለዝኾነ ዘሻቕል የብልኩምን**” ብዝብል ዕባራ ዋሕስ ዘይብሉ መብጽዓ ብምእታው ፖለቲካዊ ስልጣኑ ከደልድል ተጓየየ። ይኹን ደኣምበር ድሕሪ’ዚ መብጽዓ እቲ ኩነታት ናይ ተገላቢጦሽ’ዩ ኮይኑ። ነቲ ናይ ምግባት ሕቡእ ኣጀንድኡ “**ከተዓናቕፉሎይ ኢዮም፤ ንቅድሚት ኩርኻሕ ይኾኑኑ ኢዮም፤ ሕማቕ መርኣያታት’ዮም፤...ወዘተ**” ኢሉ ንዝገመቶም ንጹሃት ዜጋታት ከሕቅቆም’ዩ ብውዲት ዝወፈረ።

ብኡ ንብኡ እዚ ተግባር’ዚ ኣብ መንጎ’ቶም ንሓደ ዕላማ ኣብ ሓደ መስርዕ ሰውራ ተሰሊፎም ነጻን ደሞክራስያዊትን ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝተቓለሱ፡ ደቂ ሓንቲ ሃገርን ህዝብን ዝኾኑ ዜጋታት፡ ኣብ ክልተ ተጻረርቲ ኣረኣእያታት ክግምዑ ግድን ኮነ። ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ፖሊሲታቱን ዝተምበርከኹ፡ ንዕዑ ሪዒሞም ከሳስዩ ዝመረጹን ተስገዲዶም ዝተቐበሉን ዜጋታት

ብሓደ ሸነኽ፡ ካብ ሓጹር ፋሽስትነት ሰጊሮም ንዕላማታት ሰውራናን ሕድሪ ሰማእታትናን ዝጣበቑ፡ ናይ ገዛእ-ርእሶም ርእይቶን ነጻነትን ዘለዎም ዜጋታት ከአ በቲ ካልእ ሸነኽ ኮኑ። ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን፡ ብኣግላልን በሓትን ፖሊሲታቱ ዝልለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝዕንድረላ፡ ዜጋታታ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ነጻነት ዝብል ሽም፡ ባርያታት ክኾኑ ተቐሲቦም፡ ብቃጻ ምርሻን፣ ምጭዋይ፣ ምእሳር፣ ምግፋፍን ምርሳይን መዓልታዊ ተጓንፎኦም ኮይኑ ቀጸለ።

እዚ ንረብሓ ህዝብታትና ዝጻባእ ገባቲ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ፡ ናይ ህዝብታትና ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ጽላታት'ውን ንጉጅላዊ ረብሓ ህግደፍ ብዘገልግል መንገዲ ቀረጾ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ናይ 20 ዓመታት ጉዕዞ ስርዓት ህግደፍ፡ ንሃገራዊ መሳርዕ ሕንፍሽፍሽ ብምእታው ብቐጻሊ ናብ መንገዲ ፍሽለት ከምርሕ ኮነ። እዞም ተደጋጋሚ ፍሽለታት፡ ዝተወደበን ዘይተወደበን ናይ ህዝቢ ተቓውሞታት እናወለዱ ክኸዱ ግድን ኮነ። ንሕቶታትን ተቓውሞታትን ህዝብታትና ናይ ምጽዋር ባህሪ ዘይተዓደለ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ድማ፡ ነዚኣቶም ንምብርዓን ዝተፈላለዩ ስልትታት ምኽታሉ ቀጸለ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ መሰረታዊ ባህሪ ናይ'ዚ ስርዓት'ዚ ንምልላይን ርትዓዊ ሚዛን ንምጭባጥን ምእንታን ክንሕገዝ፡ ንድሕሪት ተመሊስና ማህደር ተሞኩሮና ምድህሳስ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ ተሞኩሮና፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንዝለዓሉ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ሕቶታት ይኹን ተቓውሞታት ንምብርዓን ዝተኸተሎም ስልትታት፡-

1. ***ዘይትግበር መብጽዓ ምእታው:-*** ከም ናይ'ዚ ኣብነት ብፍሩይ ዝግለጽ፡ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣብ ኤርትራ ዝትከል ስርዓት እንታይ ክኸውን እዩ ንዝብል ሕቶ፡ ኢሳይያስ ክምልስ እንከሎ፡ ***"ሚልዮን ብር ዝኸፈለን እንቋቁሖ ዝኸፈለን ማዕረ ዝነብሩላ፤ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ኢና ክንተክል"*** ክብል ምምላሱ ዝዝከር'ዩ። እዚ ትርግታ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ዝገዘአ መብለጭለጪ መብጽዓ'ዚ እዋኑ ኣኺሉ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ዝተጋህደ ሓድሽ መድረኽ ግን፡ እቲ ዝተባሃለን ዝተገብረን በበይኑ'ዩ። ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት ማሕበረ ቁጠባዊ መነባብሮ ነባሪ ከተማ ህዝብና ሰማይ እናተሰቐለ ምስ ከደ ፍታሕ ክግበረሉ ንርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝቐረበሉ ሕቶ፡ ብብደዕን ላግጽን፡ ***"ሰንበት-ሰንበት ኣብ ገዛኹም እንዳመጻና ዲና በጊዕ ዘይሓረድናልኩም ዲኹም ደሊኹም"*** ዝብል መልሲ እዩ ዝሃበሉ። ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ብዛዕባ ምፍቃድ ምንቅስቓስ በዝሒ ሰልፍታት ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ ዝሃቦ ቃል ድማ፡ ***"ሪፈረንደም ኣዐዊትና ሃገርና ነጻ ምስ ገበርና፡ ኣብ ትሕቲ ቅዋም ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ምንቅስቓስ ክፍቀድ እዩ"*** ዝብል ነበረ። እቲ ብተግባር ዝተረኣየ ድማ ሃገርና ቅዋም ኣልቦ ኮይና፡ ብሓደ ውድብ ህግደፍ ጥራሕ ተባሒታ ትርከብ። ናይ ኢሳይያስ መብጽዓታት ጊዜ መሸመቲ ኣብ ጸቢብ መንቀራቕሮ ኣብ ዝተኾርናዓሉ እዋን ዝጥቀመሎም መድሓን ነብሲ ዝኾኑ ስልትታት'ዮም።

2. ***ዓቕምን ጊዜን ኩነታትን መመኽነይታ ምጥቃም፡-*** ንዝልዓሉ ህዝባዊ ሕቶታት ንምትእንጋድ ሰናይ ድሌት ከም ዘለዎ እናሸሓጠ፡ እንተኾነ ግን ዓቕምን ግዜን ዝጠልብ ም'ዃኑ ብምግላጽ ንግዚኡ ከተሃዳድእ ዝኽተሎ ሸጣራ'ዩ። በዚ ኣንፈት'ዚ ጊዜ ሸሚቱ፡ ንምጭፍላቕ ሕቶታት ህዝቢ ዝሕግዙዎ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ውጥናቱ ንምትግባር ይዓይይ። በዚ መስርሕ'ዚ ዝተጨፍለቑ ህዝባዊ ተቓውሞታትን ሕቶታትን፡ ኣድማ ተጋደልቲን ኣድማ ኣካለ ስንኩላን ማይ-ሓባርን ከምኡ'ውን ህዝቢ እምባ-ደርሆ፣ ዓዲ-ኣቤቶ፣ ዓዜን፣ ኣዜንን ድግሳን ምስ መሬትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ብዝተተሓሓዙ ዘልዓልዎም ተቓውሞታት፡ ብጉጅለ 15 ዝፍለጥ ምንቅስቓስ፣ ተቓውሞ ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ…ወዘተ ግዳይ ናይ'ዚ ኣዳህሊሉ ብጅምላ ብምእሳር፡ ተቓውሞታት ናይ ምሕቃቕ ተሞኩሮ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ'ዮም።

3. ***ናይ ደገ ሓድሽ ኣጀንዳ ብምፍጣር፡-*** ናይ ህዝብታትና ክቱር ሃገራዊ ፍቕሪ ብምምዝማዝ ብስም ልዑላውነት ዝጽሕትሮ ኩናትን ጎንጽን ክልተ ብልሒ ዘለዎ ም'ዃኑ እዩ። እዚ ስልቲ'ዚ፡ ብሓደ ሸነኽ ውሽጣዊ ተቓውሞታት መኣዝን ናይ ምስሓት ዕላማ ዝሓዘ ክኸውን እንከሎ፡ ብካልእ ሸነክ ድማ ንኣጀንዳታት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኣፋኺሱ ተቓውሞ ንዝልዓሉ ባእታታት ናይ ምጽጻይ ሰራም ተልእኾ ዘለዎ ፋሽስታዊ ስልቲ'ዩ። በዚ ስልቲ'ዚ ኣብ ውሽጢ'ዚ 20 ዓመታት ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ኩናት ብምብራዕ፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስልጣኑ ኣብ ምንዋሕ መዳርግቲ ኣልቦ ተራ ዝነበሮ'ዩ። ብሽም ምውሓስ ልኣላውነት ሃገር፡ ዝደስከሉ መብጽዓታትን ዓበይቲ ሃገራዊ ኣጀንዳታትን ማእለያ የብሎምን። ንኣብነት፡ ባዕሉ ንዘጽደቖ ቅዋም ምድስካል፣ ብመሰረት ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጉቡኦም ዝፈጸሙ ንከይሰናበቱ ጅሆ ምሓዝ፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ዘይበጽሖም ዜጋታት ዘልዕልዎም ሕቶታት ግቡእ ምላሽ ዘይምሃብ። ምስ ልኣላውነት ሃገር ብምትእስሳር ብ'ኽድዓት ተኸሲሶም መውደቒኦም ዘይተፈለጡ መራሕቲ መንግስቲ፣ ሓለፍቲ ግንባር፣ ኣዳለውቲ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን ዓበይቲ ዓዲ ሽማግለታትን ድማ ብርክት ዝበሉ እዮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ክንርእዮም ዝጸናሕና ህያው ተሞኩሮታት፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝጥቀመሎም፡ ልሙዳት ቅጥፈታቱ መርኣያታት'ዮም። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ በዚ ናይ መብጽዓን ክሕደትን ዝሕላገቱ፡ ናይ 20 ዓመታት ዕድመ ስልጣን ከሲቡ፡ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ከቢድ ፈተና ኣውዲቑዎ ምጽንሑ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ብክንድኡ ድማ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ከቢድ ዋጋ ክኸፍሉ ገይሩዎም'ዩ። እቲ ቃልሲ ኣመና ክጽንክር ተዓዋታይነቶም ከኣ ክደናጎይ ጌርዎ'ዩ። ግን ድማ መሊኡ ከቕህሞ ኣይከኣለን። ንቕድሚት'ውን ዝከኣሎ ኣይኮነን። ምኽንያቱ እዚ ዝቐደመ ሽሕጣንን ውዲትን በልዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንቕሓት ህዝብታትና'ውን ካብ ነጻ ተሞኩሮኦም ብዘዋህለልዎ ትምህርቲ፡ እምነት ዝንበረሉ ስርዓት ዘይም'ኳኑ ሕርሕራይ ጌሮም እናረጋገጹ መጺኦም ኣሎዉ። ደጊም ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብተመሳሳሊ መንገዲ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ዘኽእሎ ዕድላት ተጸንቂቑ'ዩ።

ሎሚ ኣብ መበል 20 ዓመት ንግስነት ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ኣብ ውሽጡ ምትእምማን ዝቦኾሮ ኣብ ጸባብ ማይ-ቤት ተሸምሪሩ ብቀዝሒ-ፍርሕን ተነጽሎን ዝልሎ ኮይኑ'ሎ። ማዕረ ማዕሪኡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ስርዓት ዝተዋህለለ መሪር ጽልኢ ህዝብታትና ሰማይ ዓሪጉ፡ ብውሽጥን ብግዳምን ንቓልሲ ዘተባብዕ ኩነታት እናማዕበለ ብምምጽኡ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህላዊኡ ዝተደጎለ ፈንጂ ረጊጹ ምህላዉ ከስተብህል ጀሚሩ'ሎ። ስለዚ ከኣ ኣብ ዕድሚኡ ንመጀመርያ ግዜ፡ **“ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ”** ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኤርትራ ክመጻደቕ ይኸውን'ሎ።

‘‘መንግስቲ ብዋጋ መስዋእቲ ጀጋኑናን ብስንክልናናን ኣብ ስልጣን ምስ ተወጠሐ ረሲዑና፡ ማሕበራዊ ሽግራትና ግቡእ ትኹረት ኣይተገበረሉን፤ ንዝተቓለስናሉ ህዝብን ማሕበረሰብ ዓለምን ጉዳይና ብሰላማዊ መንገዲ ክንገልጽ ኢና” ንዝበሉ ህያው ሓወልቲ ሓርነታዊ ቃልስና ዝኾኑ ጀጋኑ ስንኩላን ማይ-ሓባር፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ፡ ብጨካን ኢ-ሰብኣዊ ኣገባብ ምጭፍጫፉ ከይኣክይል **“ሓንቒቆም”** ክብል ብብደዐ ከም ዘባጨወሎም ናይ ቀረባ መሪር ዝኽርና'ዩ። **ቅድሚ-ዓሚ** ህዝብታት ኤርትራ ብድርቕን ጥሜትን ተሳሒጎም ብኩቦን፡ ባኒ ንምርካብ ብኣሳሒታ ቁሪ ኣብ ነዋሕቲ መሳርዕ ተሰሊፎም ክሓድሩ እንከለዉ፡ “ኣብ ከብዲ ጽጉብ ጥሙይ የሎን” ዝበሃል፡ ታሪኽ ንባዕሉ ደጊሙ፡ **“እዚ ሕንቓቐ'ዩ፤ ኣብ ማዓልቲ ሰለስተ ግዜ ምብላዕ ዝለመደ፡ ክልተ ግዜ ጥራይ ክበልዕ ኣለዎ”** ክብል ከም ዝሓጨጨሎም ዝዝከር'ዩ። እዚ ብሕሰም ዜጋታቱ ዝፍሳህ፡ ብጥሜቶም ዝሰብሕ ስርዓት'ዚ፡ ሎሚ **“ብጹእ ከም ጲላጦስ”** ክመስል ንህልዉ ሽግራት ህዝብታትና ብወግዒ ክእመን ተገዲዱ። በዚ ጥራሕ ኣየብቀዐን፤ በታ **“ሓንቒቓም”** ዝበለት ዓንዴል መልሓሱ፡ መንግስቲ ሞሳ ክኸፍል መደባት ሓንጺጹ ምህላዉ ገሊጹ። መጠበሪ ስድራታት ናይ'ቶም ብዘይ ደመወዝ  ጊላታት ህግደፍ ኮይኖም ዕድሚኦም ዘብልዩ ዘለዉ መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ወርሓዊ ዝሽረፍ እኽሊ ከም ዝተጀመረ ገሊጹ። ካብ'ዚ ስርዓት'ዚ ሃዲሞም ኣብ ስደት ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝተዓቕቡ ዜጋታት፡ ኣብ ልዕሊኦም ኣንቢርዎ ዝነበረ “ብክሕደት ህዝብን መንግስትን” ዝሰርዕ ናይ ፈጠራ ክሲ ኣልዒሉ፡ 2% እንተኸፊልኩም ከም ነጻ ሰባት ኣብ ኤርትራ ክትንቀሳቐሱ ትኽእሉ ኢኹም ኢሉ ክጥብር ይፍትን ኣሎ።

እዚ “ምልስላስ'ዚ’’ ምስ'ቲ ኣቐዲምና እንፈልጦ ዕቡይን ትምክሕታውን ባህሪ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ክትኣምኖ ዘጸግም ምትጽጻፍ'ዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓውዲ'ውን ኣንተኾነ፡ ነቲ **“ልሙስ ውድብ”** ብምባል ከቛሽሾ ዝጸንሐን ብወግዒ ወኪሉ ዝሰሓበሉን ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ተመሊሱ ትፋኡ ብምልሓስ ንኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ክውክሎ ኮይኑ'ዩ። ምስ ጁቡቲ ዝኾነ ዓይነት ጎንጺ የብልናን ክብል ሽምጢጡ ዝኸሓደ ስርዓት፡ ብመንገዲ መንጎኛነት መንግስቲ ቀጠር ካብ'ቲ ዝወረሮ ከባቢ ክስሕብን ሰራዊት ቀጠር ኣብ'ቲ ቦታ ክሰፍሮን ከም ዝተሰማምዐ፡ ብውሽጥን ብደገን ዝገጠሞ ሓያል ተጽዕኖታት ሰርኒቑዎ ክኣምን ተገዲዱ። እዚ ኩሉ ገልበጥበጥ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ዘይባህሪኡ ምምጽዳቕን “ንለውጢ” ከተኣናግድ ዝገብሮ ናይ ባህሪ ለውጢ ዲ'ዩ? ብፍጹም ኣይኮነን።

ብመሰረቱ እዞም ስጉምትታት እዚኣቶም፡ ንመሰረታዊ ለውጢ ጎስዮም ረብሓን ፖለቲካዊ ስልጣንን ፋሽስታዊ ስርዓቱ ንምውሓስ ዝተገበሩ፡ ጥበራታት'ዮም። ንኣብነት፡ ሕቶ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንስድራታቶም መጠበሪ ብምትኳብ ዝምለስ ኣይኮነን። መሰረታዊ ሕቶ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ነቲ ብብሩህ መጻኢ ዕድሎምን ንእስነቶምን ዝቋመር ዘሎ ገደብ-ኣልቦ ወፍሪ-ባርነትን ግዱድ ዕስክርናን ከብቅዕን፡ ንሱ ዘኸተሎ ሰለሎ ሕጋዊ ተሓታትነት ክህልዎ ዝጠልብ'ዩ። ነቲ ስርዓት ተቓዊሞም ዝተረሸኑ ዜጋታት ፍትሒ ከይረኸቡ፡ ቀዲሙ ዝስራሓሉ ዝነበረ መምርሒ ምስዓሩ፡ ንስድራ-ቤታትን መቕርቦምን ቁስሎም ክርስዑ ዝገብር ደበስ ኣይኮኖምን። ብኢጋድ ዝቐረበን ብሕብረት ኣፍሪቃ ድማ ዝተደገፈ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ብሕቡራት ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስን እሙናት መጋበርያታትን ሰበ-ስልጣናቱን ዝተበየነ ማዕቀብ፡ ዝፈጥረሉ ተርባጽ ደሪኹዎ፡ ወኪሉ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃ ዋላ'ኳ እንተላኣኸ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምሕማስ ውዲቱ ዝተዓቀበ ኣይኮነን። እኳ ደኣስ ካብ'ቲ ከይሲ ተግባራቱ ስለዘይተኣደበ እቲ ዝቐደመ ብይን ማዕቀብ ዝያዳ ክተርር፡ ብሓደሽቲ ጭብጥታት ተሰንዩ ንተወሳኺ ስጉምትታት ኣብ መጋባእያ ክረአ ከም ኣጀንዳ ተታሒዙ ምቕራቡ ይፍለጥ'ዩ። ብድምር እዞም መረዳእታታት ዝእምቱዎ ነገር እንተሃሊዩ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ባህሪኡ ዝዓደሎ ናይ ሽሕጣን ተዋስኦታት እናሰርሐ፡ ፖለቲካዊ ስልጣኑ ንምቕናይ ተኽእሎ መድሓን ነብሱ'ዩ ዝገብር ዘሎ። ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክንዲ'ዚ ክዕጸፍ ዝገብሮ ዘሎ ውሽጣውን ግዳማውን ረቛሒታት እንታይ'ዩ ዝብል ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

1. ፋሽስታዊ ስርዓቱ ብውሽጡ እናቦኸቦኸ ካብ ህዝቢ እናተነጸለ፡ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ካብ ህዝብታታና ዝረኸቦም ዝነበሩ ደገፋት በብእዋኑ እናነጸፉ ይኸዱ ምህላዎም፤ ብተወሳኺ ከም ኣያታቱን ዓንገልቱን ገይሩ ዝኣምኖም መራሕቲ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ገሊኦም ብህዝባዊ ዓመጽ ሓመድ ድብ ለቢሶም፡ ገሊኦም ድማ ናብ ጉድጓድ ክኣትዉ ዝተቓራረቡሉ እዋን ብምኳኑ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ከቢድ ሓደጋ ከንጠልጥል ምግባሩ፤

2. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምውጋድ፡ ኣብ ሃገርና ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ሰፊሕ ናይ ህዝብታትና ምንቅስቓስ ዘላዓዕልን፡ ሓይልታት ተቓውሞን ህዝብታትናን ብሰፊሑ ዝሳተፉሉ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል ዝለዓለ ምርብራብ ዝካየደሉ እዋን ብምኳኑ፤ ህዝብታትና ኣብ ሃገራዊ ጉዳዮም ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ዝኾኑሉ ናይ ጽልግልግ እዋናት ተሰጊሩ፡ ንቑሕ ተሳትፎኦም ዘረጋግጹሉ ኩነታት እናተቐልቀለ ይመጽእ ምህላዉ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ከቢድ ሓደጋ ብምኳኑ፤

3. ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማ/ምብራቕን ኣንጻር ግፍዐኛታትን ጨቆንትን ስርዓታት ዝተወልዑ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ኣብ ሃገርና ኣወንታዊ ጽልውኡ ብምዕራፍ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝቐብር ህዝባዊ ዓመጽ ከይውላዕ ኣብ ከቢድ ስግኣት ተሸሚሙ ብምህላዉ፤

4. ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ሃገርና ሰጊሩ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ከካይዶ ዝጸንሐ ጸረ ሰላም ተግባራት ዝተበየኖ ማዕቀብ፡ ትምህርቲ ኮይኑዎ ክእደብ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣቐዲሙ ዝተወሰነ ማዕቀብ፡ ኣዐርዩ ክሰጥም ዝካየድ ጻዕርታት እናተጠናኸረ ይኸይድ ብምህላዉ ኣብ ቀጻሊ ህልውንኡ ዘሕደሮ ከቢድ ስግኣት ብምህላው እዩ።

ንምጥቕላል፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝተኸተሎ ስልቲ፡ ብውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ምስ ተኾርነዐ፡ ከይፈተወ ዝኣተዎ “ዝብእስ ክሳብ ዝደልዎ ይሕንክስ” ዝብል ስልቲ ካብ ምኻን ዘይሰግር፡ ንህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታቶም ኣብ ምርግጋጽ እዚኣ ትበሃል ጣቓ ዘይብሉ፡ ብትሕዝቶ ይኹን ብዓይነት ነቲ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ዝደግም ዝበስነወ ፋሽስታዊ ሽሕጣን'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ረብሓታቶም ዝረጋገጽ፡ ድሕሪ ውድቀት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኀይቶት ገዛእ-ነብሶም ዝገብሮም ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ተቓሊሶም ብምርግጋጽ ጥራይ'ዩ። ናብ'ዚ ናሕሲ ዓወት ንምሕኳር ከኣ፡ ነቶም ኣብ ቅድሜና ዘለዉ ወርቃዊ ናይ ቃልስን ለውጥን ዕድላት ጸንቂቕና ንምምዝማዝን ኣብ ረብሓና ንምውዓልን ምእንታን ክንበቅዕ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረትን ሓያል ዓቕምን ዝፈጥረልና ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ዓቲብና ክንሰርሕ ክህልወና'ዩ።

# ቅኑዕ መስመር ሓቆኽን ሒዝና፡ ክንዕወት ኢና!!